HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower community update: November 2025 - Tigrinya / ትግርኛ

**ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ማሕበረሰብ ሓድሽ ሓበሬታ: ኖቬምበር 2025**

ግረንፈል ታወር ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቝ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እቲ መሬት ንስድራቤታት ክቡር ምዃኑን ንፈልጥ ኢና። ነቲ ታወር ብጥንቃቐ ኣብ ምውራድ ንሰርሖ ስራሕ ክነፍልጠኩም ንደሊ።

ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ብዝያዳ ኽትምሃር ትኽእል ኢኻ፦

- **ነቲ ታወር ምብራህ**
- **ሓደሽቲ ባነራት ምትካል**
- **ብዛዕባ ድምጺ፣ ሓመድን ምንቅጥቃጥን ሓበሬታ ምክትታል**
- **ናይ ልደትን ሓድሽ ዓመትን ስራሕ መደብ**
- **ናይ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ደገፍ**

ናይ ቅድሚ ሕጂ ምዕባለታት ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates

## ነቲ ታወር ምብራህ

እቲ ታወር ብጥንቃቐ ክወርድ ከሎ፡ ከምዘሎ ዘርኢ መዘኻኸሪ ክህሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ሰሚዕና ኣለና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይቲ ግምቢ ንላዕሊ ጨራታት ብርሃን ንኽበርህ መብራህቲ ተኺልና ኣለና።

- ካብ ሰንበት 14 ዲሴምበር ጀሚሩ ድማ ኩሉ ግዘ ምሸት ካብ ሰዓት 5 ንጉሆ፡ ክሳብ ሰዓት 11 ናይ ምሸት ክደምቁ እዮም።
- ኣብ 14 ዲሴምቤርን 14 ጁንን ነዞም ኣገደስቲ ዕለታት ዓመት ንምምልካት ተወሳኺ 72 ጨራታት ቀጠልያ መብራህቲ ክንውልዕ ኢና።
- ነዞም መብራህቲ ንሓጺር ግዜ ቀዳም 13 ዲሴምቤር ምሸት ክንፍትኖም ኢና።
- እቲ መብራህቲ እንታይ ክመስል ምዃኑ ክትርእዩ ምስ እትደልዩ፡ ሰበስልጣን ነቶም ምስልታት ምሰኹም ከካፍሉኹም እዮም። GrenfellTowerSite@communities.gov.uk
- ናይ ግረንፈል ልቢ ባነራት ኣብ ለይቲ እናበርሀ ክቕጽል እዩ።

## ምትካል ሓደሽቲ ባነራት

ስራሕ እናተካየደ ምስ ከደ ነተን ናይ ግረንፈል ልቢ ባነራት ካብቲ ታወር ንቑልቁል ንወስደን ኣለና። ኣብ መጀመርታ ወርሒ ጃንዋሪ፣ ኣብ ናይ ታወር ታሕተዋይ ክፋል ባነራት ክንውስኽ ኢና። እዚ ምስ ተወሰኸ ነቶም ላዕለዎት ነወግዶም ኢና።

### ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ድምጺ፣ ሓመድን ምንቅጥቃጥን መንግስቲ ኣብ ቦታ

ግረንፈል ታወር ኩሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀም ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ሳይት ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብቲ ናይ ታወር ቦታ ሰለስተ ናይ ምንቅጥቃጥ ሞኒተራትን ሓሙሽተ ናይ ኣየር ጽሬት ሞኒተራትን፣ ከምኡ'ውን ሰለስተ ናይ ድምጺ ሞኒተራት ኣብ ዙርያ ዶብ እቲ ቦታ ኣለዋ፣ ኩሎም ድማ ብቐጥታ መረዳእታ ይእክቡ። ሕድሕድ ወርሒ ነዚ ዳታ ንሕትሞ። ናይ 29 ሴፕቴምበር ክሳብ 2 ኖቬምበር ዝምልከት ዳታ ንምርኣይ ኣብዞም ዝስዕቡ ሊንክታት ጠውቑ፤

ጸብጻብ ምክትታል ድምጺ – ካብ 29 ሴፕቴምበር ክሳብ 2 ኖቬምበር 2025

ጸብጻብ ምክትታል ሓመድ – ካብ 29 ሴፕቴምበር ክሳብ 2 ኖቬምበር 2025

ጸብጻብ ምክትታል ምንቅጥቃጥ – ካብ -29 ሴፕቴምበር ክሳብ 2 ኖቬምበር 2025

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዩናይትድ ኪንግደም (UK Health Security Agency, UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቕጽል እዩ። በቢ ወርሑ ጸብጸቦም የካፍሉ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ ድሕሪ ባርዕ ግምቢ ግረንፈል ዝተገብረ ምክትታል ከባቢ - GOV.UK

### ናይ ልደትን ሓድሽ ዓመትን መደብ ስራሕ ኣብ Grenfell ታወር ሳይት

- ዓርቢ 19 ዲሴምቤር፣ ካብ ሰዓት 8.30ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 12 ድሕሪ ቀትሪ – ንቡር ናይ ስራሕ እዋን ኣብቲ ቦታ
- ዓርቢ 19 ዲሴምቤር፣ ካብ 12 ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ 5 ድሕሪ ቀትሪ – ሰዓት 12 ድሕሪ ቀትሪ ስራሕ ደው ይብል እሞ ድሕሪኡ እቲ ቦታ ንዕረፍቲ ልደትን ሓድሽ ዓመትን ድሉው ይኸውን።
- ካብ ሰኒ 22 ዲሴምቤር ክሳብ ሰንበት 4 ጃንዋሪ – ብዘይካ ስሩዕ ጸጥታን ጽገናን ኣብቲ ቦታ ዝካየድ ስራሕ የለን
- ሰኒ 5 ጃነዋሪ፡ ካብ ሰዓት 8.30 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ – Grenfell ታወር ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ ድሕሪ ናይ ልደትን ሓድሽ ዓመትን ዕረፍቲ ዳግማይ ይጅምር

### ናይ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ደገፍ እንተድኣ ኣድልዩካ

ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ካብ ሞት ዝደሓኑን ኣብ ቀረባ ማሕበረሰብ ንዝርከቡ ነበርትን ኣብ ምሉእ እቲ ንግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ ስምዒታውን ኣካላውን ድሕነት ይቕጽል።

ምስ ሓደ ሰብ ክትዘራረብ እንተደሊኻ፡ትኽእል ኢኻ፤

- ናብ ኣገልግሎት ጽቡቕ Grenfell Wellbeing ብ 020 8637 6279
  ደውሉ (8am ክሳብ 8pm፡ መዓልታዊ)
- ኣብ ህጹጽ ግዜ ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS Foundation Trust's (Call Central and North West London, CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ

ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ:
0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ክፉት እዩ፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት)

- ኢመይል: grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk ተወከሱ

ብዛዕባ እዋናዊ ሓበሬታ ኣገልግሎታት ንምርካብ ኣብ www.grenfell.nhs.uk ተወከሱ

## ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ሓበሬታ ክነካፍል ንደሊ።  ኣብ ዝቕጽሉ ኣዋርሕ ሰዓት ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታን ሓበሬታን ምክፋል ክንቅጽል ኢና
www.gov.uk/grenfell-community-updates እንተደሊኹም፡ ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል ክንሰደልኩም ንኽእል ኢና።

ምስ ሓለፍቲን ዋና ኮንትራክተርናን ተራኺብኩም ብዛዕባ እቲ ስራሕ ክትዛተዩ፣ ዝኾነ ስክፍታታትኩም ከተካፍሉን ኣብ ስሩዕ ኣኼባታትና ሕቶታት ክትሓቱን ትኽእሉ ኢኹም። ዝቕጽል ኣኼባ ኣብ16 ዲሴምበር – ክትሳተፉ እንተደሊኹም ንዝርዝር ሓበሬታ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኢሜይል ኣድራሻ ርኸቡና። ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ምሳኻትኩም ኣብ ምቹእ ዝኾነ ሰዓት፣ ዕለትን ቦታን ክንዘራረብ ድሉዋት ኢና።

ምስቶም ስራሕቲ ዝተኣሳሰር ሕቶ ወይ ስክፍታ እንተሃልይኩም ወይ ክተዘራዝርቡና  እንተደሊኹም ርኸቡና። በዚ ዝስዕብ ኢሜይል ኣድራሻ ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም፤
GrenfellTowerSite@communities.gov.uk

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር፡ ከምኡ'ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብ፡
www.gov.uk/grenfell-community-updates ኪዱ ወይ ድማ ኣብ ታሕቲ ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሩ።

ንትራጀዲ ግረንፈል ታወር ምላሽ ዝህብ ስራሕና ብኸመይ ሓድሽ ሓበሬታ ክትቅበሉ ከም እትመርጹ ካባኹም ክንሰምዕ ንደሊ። እንተደሊኹም፡ ናይ ቅልጡፍ ርእይቶ ቅጥዕና ብምምላእ ርእይቶኹም ከተካፍሉ ትኽእሉ ኢኹም፤
ማሕበረሰብ ግረንፈል፤ ቅጥዒ ግብረ መልሲ ርክባት - GOV.UK

**ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ሳይት ምሕደራ**
**ጉጅለ ሚኒስትሪ ኣባይቲ፣ ማሕበረሰባትን ከባብያዊ ምምሕዳርን**
**(Ministry of Housing, Communities and Local Government)።**